## <u>ንገዛይ ሰለስተ ግዜ ተሳሊመ ተፋኒየያ፡</u>

ዝኸበርኩም ኣሕዋት እዚ ዝሰደልኩም ዘለኹ ደምዳቤ፡ “ኤርትራዊ ሓጎስ ንኽረክብ ወትሩ ኣብ ጉዕዞ” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብርሃነ ካብ ጋሽ ባርካ ኣብ ህይወቱ ንዘጋጠሞ ብደሆ ኣመልኪቱ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዝዘርገሖ ሰፊሕ ጽሑፍ፡ ንተመክሮ ብዙሓት ኤርትራውያን ዝውክል ኮይኑ ስለ ዝረኸብክዎ፡ ገለ ካብ ትሕዝቶኡ እነሆ ብከም'ዚ ዝስዕብ እሰደልኩም ኣለኹ።

ብርሃነ፡ ካብ ኤርትራ ኣወጻጽኣኡ ካብ'ቲ ካልእ ዝተፈልየ ኣይኮነን። የግዳስ፡ ኣብ መእተዊ ናይ ጽሑፉ፡ “ናይ መወዳእታ ርክበይ ምስ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ፡ ምጭዋት ደቀይ፡ ምስ ክብርቲ ወላዲተይን ሓወይን” ክብል ኣስፊርዎ ዘሎ ብሓቂ ምቓረት ስድራ-ቤት ብግቡእ ንዝርዳእ ሓላፍነት ዝስመዖ ሰብ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ብዓይኒ ሰብኣውነት መዚኑ ብዕምቆት ከስተንትን ስለምንታይ እንታይ ዝኣበሰት ስድራ ኢሉ ብሕልና ምስ ብርሃነ ደው ክብል ዝገብር'ዩ። ብርሃነ ካብ በዓልቲ ቤቱ፡ ደቁ፡ ወላዲቱን ሓውን ብ16 ጥቅምቲ 2013 ከም ዝተፈላለየ ብፍሉይ ሰኒድዎ ኣሎ። ገለ ለባማት ስድራ ቤታዊ ምፍልላይ “ምንኣስ ሞት'ዩ” ኢሎም ክገልጽዎ ይሰምዑ። ብርሃነ -ጋሽ ባርካ'ውን ከምኡን ክንድኡን ስለዝተሰመዖ ይመስለኒ፡ ዝገጠመኒ ብደሆ ብዝብል ነዛ ዕለት ብምረት ዝዝክራ ዘሎ። ሓቂ'ዩ። ኤርትራዊ እዚ ከይመጽእ ን30 ዓመት ዝኣክል ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ። ብዋጋ ህዝባዊ ሓርነት ደኣምበር፡ ብገንዘብ ኮነ ብዓይነት ዘይትመን ሓንሳብ ምስተኸፈለ ዳግማይ ዘይርከብ፡ ክቡር ናይ ህይወት ዋጋ ከፊሉ ክንሱ፡ ናተይ ኢሉ ብሆታን ዕልልታን ብዝተቐበሎም፡ ከብዱ ብጥምዩ ዘዐንገሎም፡ ዝባኑ ብዕሩቑ ዝኸደኖም እምነት ዘሕደረሎም፡ ጸላእትን ገዛእትን ክኾንዎ፡ ብጭካነ ደሙ ክማጽይዎ ኣብ ትጽቢቱ ዘይነበረ'ዩ። ግዳማዊ ገዛኢ ኣባሪርካ ዘቤታዊ ገዛኢ ክትስከም ብርግጽ ዝጽወር ኣይኮነን።

ብርሃነ፡ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ ናይ ዕለት 16 ጥቅምቲ 2013 ንገዛኡ ሰለስተ ግዜ ተሳሊሙ፡ ንእሽቶ ፋሱ ኣብ መንኮቡ ገይሩ ንጉዕዞ ስደት ከም ዝጀመሮ የዘንቱ። ብፍላይ “<u>ንገዛይ ሰለስተ ግዜ ተሳሊመ ተፋኒየያ</u>” ዝብል ቃል ከብድኻ ዝበልዕ'ዩ። ከም'ቲ እንዳ ህግደፍ ዝብልዎ ብጎስጓስ ናይ ወያነን ሲ ኣይ ኤን ዘይረሃጸሉ ገንዘብ ክግሕጥ ምርጫ ስደት ዝወሰደ ዘይኮነስ፡ ተገዲዱ ናይ ህይወትን ሞትን ፈታኒ ኩነታት ምስ ኣጋጠሞ ዝወሰዶ ምርጫ ምዃኑ ይሕብር። ብርሃነ ከም ዝኾነ ሰብ ካብ ስድራኡ ክፍለ እንከሎ ንበዓልቲ ቤቱ፣ ንደቁ፣ ንወላዲቱ፣ ንሓው ስዒሙ ክፋነዎም ንቡር'ዩ ኢልካ ክውሰድ ይከኣል። ነቲ ብእምንን ዕንጸይትን ዝተደኮነ ገዛ ሰለስተ ግዜ ክሳለም እንከሎ ግን ኣብ ዓዱ ብሰላም ከይቕመጥ ናይ ግድን ካብ ትውልዲ ዓዱን ሃገሩን ክወጽእ ዘገድድ ኩነታት ከም ዘጋጠሞ፡ እቲ የዋህነቱ ዝገልጽ ታሪኹ ይምስክር። ንሻብቆ ዓደይ ሕቖይ ክህባ ምስ ጀመርኩ ኣብ ምሉእ ኣካላተይ ሕማኽ ስምዒት ተሰሚዑኒ። ካብ ማሙቕ ገዛኻ ወጺእካ ይጥዕመካ ድዩ ዝብል ኣብ ኣእምሮይ ደዊሉ። ኣነ ግን ኣሮማይ ሕጂስ ኢለ ንመረበይ ተገምጊምኩ ይብል። ምስክናይ!

ይቕጽል ብርሃነ፡ ንዓባይ ሩባ ወሓዚት ሩባ መረብ (ጋሽ) ኣትየ። ሩባ መረብ ዛሪያ ጸኒሓትኒ። ክዳናይን ፋሰይን ኣብ ሓደ ገረብ ኣቐሚጠ ነብሰይ ተሓጺበ። ነብሰ ዝተሓጸብኩሉ ምኽንያት ካብ ማዕዶ ንዝዕዘበኒ ንምክልኻል መታን ከኽእለኒ'የ። ማለት ኣብ ግራት ዝጸንሐ ሓረታይ'ዩ መታን ክበሃል። ሩባ መረብ ሰፋሕ ስለ ዝኾነት ንክትሰግራ ስለያ ስለዝከታተሉኻ ኣዝያ ኣሰካፊት'ያ። ኣነ ግን ክዳነይ ተኸዲነ፡ ፋሰይ ኣብ መንኮበይ ገይረ ናብ'ቲ ዕሙር ለሰ ኣተኹ። እዚ ለሰ ዶብ ስለዝኾነ ብዘይካ ስለያ ካልእ ኣይደፍሮን'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ በግራብ ዝተሸፈነ'ዩ። ጉዕዞይ ቀጺለ 25 ደቓይቕ ምስተጎዓዝኩ ነቲ ለሰይ ወዲአ ኮንተራ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣተኹ። ኮንተራ ቃልዕ'ዩ። ብማዕዶ ዝኾነ ስለያ ክኸሽፈካ ሰፊሕ ተኽእሎ ኣለዎ። እንተኾነ “ፈጣሪ ጸድፊ ይፈጥር'ሞ መዳይቦ ይፈጥር” ከም ዝበሃል ኣብ'ቲ ቦታ ዋና ዘይብለን ከብቲ ረኺበ። በዓል ዋና መሲለ ድማ ንዓአን እንዳኾብኮብኩ ክሳብ መሬት ደምበ ሕምብርቲ በጻሕኩ። ካብኡ ነተን ከብቲ ንድሕሪት ገጸይ

መለስክወን። ምኽንያቱ ደምበ ሕምብርቲ በግራብ ዝተሸፈነ ስለ ዝኾነ፡ ካብ'ቲ ዝጠርጠርክዎ ቦታ ናብ ከውሊ ዘለዎ ምስ ኣተኹ ነብሰይ ፍኹስ በለኒ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ኮፍ ኢለ ነታ ዝግደፍክዋ ዓደይ ጠመትኩ። ብዝኣምኖም መላእኽቲ ጸሎተይ ኣዕሪገ፡ ብንብዓት ልበይ ኣተንፈሰ፡ ነብሰይ ኣጸናኒዐ፡ ስረይ ከይፈትሕ ንነብሰይ ባዕለይ ጽንዒ ኢለያ። ቀጺለ ናብ'ቲ ቅድመይ ዝነበረ ዓቢ ጎቦ ጠመትኩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ጎቦ ወተሃደራት ኢትዮጵያ'ዮም ዘለው። ካብ'ቲ ዝነበርክዎ መንገደይ ቀጸልኩ። ቀውዒ ስለ ዝነበረ ድማ ሳዕሪ፡ ጺጎጎን ሕንቱትን ምሕላፍ ከልኣኒ። ቀትሪ ብምንባሩ ድማ ጸሓይን ድኻምን ተፈራሪቑ ጸላዕላዕ በለኒ። ኣሕ ካብ ሕጂ'ዶ ጥዑም ከይረክብ ድማ በልኩ እናበለ ዝገጠሞ ብደሆ ይገልጽ ብርሃነ።

እዚ ሓቀኛ ዛንታ ሓቀኛ መስገደል'ዩ። ብርሃነ ኤርትራዊ'ዩ። ብርሃነ ዝፈጸሞ ገበን የለን። ካብ ስድራ ቤት ምፍልላይ፣ እዚ ኩሉ ስግኣት፡ ፍርሒ፣ ጥርጠራ፡ ድኻምን ጽምእን ድማ ኣብ መሬት ኤርትራ'ዩ ዘጋጥሞ ዘሎ። ኣብ'ዚ እቶም ጉጅለ ህግደፍ ስርዓት ወያነን ምምሕዳር ዋሽንግቶንን እናበለ ዝኸሶም ብርግጽ ኢድ የብሎምን። ምኽንያቱ ንኤርትራ ህግደፍ'ዩ ዘመሓድራ ዘሎ። ንኤርትራዊ ብርሃነ ነጋሽ-ባርካ ስድራ ቤቱ ንድሕሪት ገዲፉ፡ ብእምንን ዕንጸይትን ንዝተደኮነ ግኡዝ ገዛኡ ሰለስተ ግዜ ተሳሊሙ ክፍለዮ፡ መዓስ ይረኽቡኒ እናበለ ህይወቱ ኣብ ኢዱ ዓሚኹ ክነዓዝ ዝገበሮ መን'ዩ? መልሱ ብዘይወላውል ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝምራሕ ንጥፍኣት ህዝቢ ኤርትራ ዝተዓጥቀ ብእኽብካብ በጋሚዶታት ዝተወደበ መንግስታዊ ጉጅለ'ዩ። በፍጹም ካልእ ኣይኮነን። እሞ እዚ ከም'ዚ ዝገብር ጉጅለስ ፈታዊ'ዶ ጸላኢ? እስከ ነብስ ወከፍ ጥዑይ ሕልና ዘለዎ፡ በቲ ፈጣሪ ዝሃቦ ኣእምሮ ዝሓስብ ዘመዛዝን ናቱ ፖለቲካዊ እምነትን መንነትን ዘለዎ ኤርትራዊ፡ ካብ ስምዒታዊ ሃላልነት፣ ካብ ባዶ ትምክሕትን ጽበትን ሓራ ኮይኑ ደው ኢሉ ይመርምሮ'ሞ፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ብስም ህዝብን ሃገርን ዝሸቅጥ ዘሎ ጉጅለ ዘየወላውል መርገጹ የነጽር።

ካልኣይ ክፋሉ ክቕጽል'ዩ።

ዓንደ ብርሃን'የ ካብ ኢትዮጵያ

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ -05-04-2017